## ብወርሒ ሕዳር 2003 ኤርትራ ዘጋጠመ

## ዘሕፍር ሓደጋ፡ ሎሚኸ ከመይ ይኸውን?

ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓመት ብፍላይ ድሕሪ ናዕቢ ተጋደልቲ መጋቢት 1993፡ ውፉኣት ሓርነት 11 ሓምለ 1994፡ ተደማሚ ዶባዊ ኲናት ቀዳማይ፡ ድሕሪ 18 መስከረም 2001 ከኣ ካልኣይ መድረኽ መላኺ ስርዓት ህግድፍ ኣብ ህዝቡ ዝነበሮ ሓላፍነት፡ እንታይነት ልዕልነት ምልኪ ኣብ ኤርትራ ከም ዝነገሰ ንህዝቢ ኤርትራን ኣህጉራዊ ሕብረተ ሰብ ዓለም ዝተነጸረ ታሪኻዊ ምዕራፍ ነበረ።

ቀጺሉ ብተሞክሮ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ዓለም ዝተራእየ ሓድሽ ሰናሪዮ ለበዳ ሕማም፡ ኣብ ሕዳር 2003 ካብ ኣውስትራልያ ንንግዲ ማለት ንዕዳጋ ንሞእከላይ ምብራቅ ብፍላይ ከኣ ንሃገር ስዑድያ ንማሻጣ ዝተላእኸ ኣባጊዕ፡ ብዘይተፈልጠ ምኽንይታ ብሕማም ዝተለኸፉ ብምንባረን ስዑድ ዓረብያ ነተን ብዝሒ ዝነበረን ኣባጊዕ ከምዘይትቅበለን ኣፍርሊጣ ከምዝነበረት ዓለም ዝሰምዖ ኣብ ግዜኡ እዋናዊ ዜና ምንባሩ'ዩ። ድሕሪ ነቲ ውዕል ማሻጣን ዕድግን ኣባጊዕ ምስ ተሰረዘ፡ እታ ሕሙማት ኣባጊዕ ጺዕና ዝነበረ ሞኮብ ንኣስታት 3 ወርሒ (70 መዓልቲ) ኣብ ወሽመጥ ባሕሪ ዓረብ ከምዝጸንሐት ምስ'ቲ ዝነበረ ኲነታት ኣየር ከኣ ኣብ ሞኮብ ተጻዒነን ዝነበራ እንስሳ ንክንዱኡ ዝኣክል ክጸውራ ብዘይምኽኣለን፡ ስርዓት ህግዲፍ ከምሓላይ ማኪሉ ኣብ ወደብ ባጽዕ ከምዝቅበለን ንዓለም ኣፍሊጡ። ይኹን'ምበር ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹኑ ኣብ ወጻኢ ዝነበሩ ኤርትራውያን ንዝነበሮ ሳዕቤናት ብምስትውዓል ብዝነበሮም ሻቅሎትን፡ ሞት ዘብጽሕ ለበዳ እንስሳ ኣብ ህዝብና ከውርዶ ዝኽእል መጽነቲ ደቂ ሰባት ሓደጋ ብቀሊሉ ብምግማት ተቓውሞታቱ ኣርእዩ። ከም ዝተሻቀሎ ከኣ ብዙሓት ዜጋታት ግዳያት እዘን እንስሳ ኮይኖም ሓሊፎምእዮም።

ኣብ'ዚ ሕጂ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ እንዳዛየድ ዝመጽእ ዘሎ ሻቕሎትን ስግእታትን ምዕቡላት ሃገራት ኣብ መላእ ዓለም ከይተረፈ ዝረኣየሉ ዘሎ ጠንቂ ተመሓላለፊ ቫረስ ኮሮና ንህዝቢ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ከጋጥሞ ዝኽእል ዘይተኣደነ ጸገማት ምስ'ቲ ሰንኮፍ ምሕደራ መላኺ ስርዓት ንምክልኻሉ ዝግበር ምድላዋት ተስፋ ዘይብሉ፡ ቀረብ መድሃኒትን ሕጽረት ጥራሕ ዘይኮነ ሽለልትነት ከምዘሎ ንምግማት ዘሸግር ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2019 መጀመሪያ ዓመት 2020 ኣብ ሃገር ቻይና ዝተጋህደ ሓደገኛ ተመሓላለፊ ሕማም ኮሮና ዝተባህለ ቫይረስ ንዝምልከት'ዩ። ሎሚሎሚስ ሰብ ሞያ ክሳብ 7 ዓይነት ዝበጽሑ ዝተፈላለዩ ኮሮና ቫይረስ ከምዘለዉ ይሕበሩ። እሞ ስርዓት ህግዲፍ ንህዝብና ማይ ኣጽሚኡ ከይኣኽሎ" ሰብ ማይ ናብ ዘለዎ'ምበር ማይ ሰብ ናብ ዘለዎ ኣይመጽእን'ዩ" ዝበሎ፡ ሕጂ ኸ መድሃኒት ናብ ዘለዎ ኪዱ ድዩ ክብልስ ወይ ሓላፍነቱ ክወስድ? ምእንቲ'ዚ ኣብ'ዚ ፍሉይ ኲነታት ሓልዮት ህዝብና ክንዛረበሉ ግድነት ኮይኑ ንርእዮ።

ኣብ ሃገር ቻይና ዝተረኽበ ሓደጋታት፡ መላእ ዓለም ንድሕነት ዜጋታቱ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ምክልኻልን፡ ብደረጃ መንግስትታት ተታሒዙ ዘሎ ጉዳይ ጥዕና፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኸ መን እዩ ሒዝሉ ዘሎ ዝብል ዓብይ ተወሳኺ እዋናዊ ሻቅሎትን ሕቶን'ዩ። ከምቲ ጠቕላሊ ሓላፊ ጥዕና ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዶ/ር ቴድሮስ ኣድሓኖም ዝበሎ "እዚ ዓይነት ሕማም ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ጸላኢ ደቂ ሰባት" ዘኸትሎ ከቢድ ዕንወታት ፍሉይ ጠመተ ክግበረሉ ዘለዎ ሕማም ምዃኑ ገሊጽዎ ኣሎ።

ደጊም ንዝነቐጸት ጎረሮ መተርከሲ ማይ ዘይህብ፡ ንጸልማት ብርሃን ዝኸልክል፡ ሽማግለ ኣረጋውያን፡ ህጻናት ኣደታት ዘይናቢ ዘይጠውር ሓላፍነት ዘይወስድ፡ ህዝብና ብሕማም ተሰቒዩ ብስእነት መድሃኒት ተሰቒዩ፡ ነታ ብግዜ መግዛእቲ ብውሑዱ ኣብ ዝኾነ ዱኳን ትግዛእ ዝነበረት ከኒና ሕማም ርእሲ ኣስፕሪን ወይ ቫይናክ ገጹ ልምጽማጹ ጠፊኡ፡ ጓኖትን ኣህዛብ ጎረባብቲ

ሃገራት ዘዕንጋላ ዝነበራ ዕሙራት ቤት ማሽጣ መድሃኒት ወይ ፋርማሲታት ኤርትራ ሎሚ ከብሒታተን ጥርሑ ተሪፉ፡ ብዘሕፍር ኩነታት መድሃኒት የብልናን እንዳበላ ንሕሙማትን ኣማዊለንን ካብ ኣፍደገአ ከፋንዋ ካብ ዝጀምራ ዓሙታት ዘቑጸረ ተበጺሑ ዘሎ ኩሉ ዝምስክሮ ሓደገኛ ግዜ'ዩ።

ነዚ ብዝምልከት ደላይ ፍትሒ ዝኾነ ህዝብናን ደምባ ተቃውሞ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ብዝከኣሎ መንገዲ፡ ንፈተውትን መሓዙትን ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ሕብረተ ሰብ ዓለም ካብ ሕጂ ጀሚሩ ህዝብና ንምድሓን ሓገዝ ክርክበ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ህዝብና ክወርድ ዝጸንሐን ዘሎን ጭቆናን ግፍዕን ኣሜሪኪቱ ውሕስነት ምቁጽጻር ለበዳ ሕማምኮሮና ቫይረስ ክግበረሉ፡ ብሰብ ሞያን ክኢላታትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ ማሰላት ምስ ኩነታት ኣተሓሕዛ ክንክን ጥዕና ኣብ ኤርትራ ማዘኻኸሪ ምሕጽንታ ክበጽሕ ህጹጽ ጉዳይ ዓብይ ኣቓልቦ ዘድሊዮ ምዃኑ ውሓ.ዲ.ለ ሜእክቱ የመሓላልፍ።

ዜናን ሓበሬታን ውሓ.ዲ.ለ
2 ማጋቢት 2020